

# ንዑ ረኣዩ



በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ ኣሜን !!! ወትሩ ኣብ ክልተ ሰሙን እትሕተም መንፈሳዊት ጋዜጣ 2ይ ሕታም 3ሕዳር2010 ግዕዝ

## ሰሙናዊ ብስራት

" "እምበኣር ሕጂ ንዑ፡ ንሓድሕድና ንማጎት" ይብል እግዚኣብሔር "ብሓጢኣትኩም እኳ ከም ደም እንተ ቼሕኩም፡ ከም በረድ ከጻዕድወኩም እየ። ከም ዘዋውዕ እኳ እንተ ቼሕኩም ፡ከም ጻዕዳ ጸምሪ ኽትትኮኑ ኢኩም" **ኢሳ** 1፡18

" እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ፦ "ንእስራኤል ሕጻን ከሎ ኣፍቀርክዎ፡ ንወደይ ካብ ግብጺ ጸዋዕክዎ።" " **ሆሴዕ** 11፡1

## ምዕዶ ንመንእሰይ ወለዶ

*"እቲ ንሥግኡ ኢሉ ዝዘርእ ካብ ሥግኡ ሞት ክዓጽድ ኢዩ፡እቲ ንመንፈሱ ኢሉ ዝዘርእ ግና ናይ ዘልኣለማዊ ህይወት ክዓጽድ እዩ።" ገላ6፡8*

*ህይወትና ልክዕ ከም ግራት እዩ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ባህርያትን ጠባያትን ክንዘርኣላ ንክእል ኢና። ግና እቲ ንረክቦ ፍርያት ጎዳኢና ድዩ ኣይኮነን ክንፈልጥ ይግባእ። ፍቃድ ስጋ ካብ ኣቦና ኣዳም ጀሚርና እንተተመልኪትና ገዛእ ናጽነትካ ገፊፍካ ንሰይጣን ስልጣን ሂብካ "አ ጎይታይ እቲ ኣይትብላዕ ዝበልካኒ ክቃወመካ ካብ ኑብሰይ ፍቃድ ወሲደ ኣለኩ" እዩ እቲ መልእኽቱ። ስለዚ ኑቲ ሰረገላ ሞት ዝኾነ ሓሳብ ስጋ መዝነት ሂብካ ኑቲ ብደም ገንሸል ዝተዓደገ ኑብስና መሳርሒ ሰይጣን ክኸውን ከሎ ካብዚ ዝዓቢ ሞት የለን። ቅዱስ ሓዋርያ ጳውሎስ `ውን ደጊሙ ኣብ መልእኽቱ ከምዚ ይብል "ናይ ሥጋ ምሕሳብ ሞት የምጽእ"(ሮሜ 8፡5)።*

*ኣብዛ ዓለም ካብ ሃለና ሥጋና ክቐሰቐሰና ንቡር እኳ እንተኮነ ነገር ግን እዛ ዓለም ምስ እግዚኣብሄር ዘይተራክብ ዓንኬል ምኻና ክንግንዘብ ይግባኣና፡ ብከምኡ ኢዩ ከኣ ቅድስቲ ማርታ "ኣብ ዓለም ንበር ዓለም ግና ኣባኻ ኣይትንበር" እናበለት ሂወት ቅድሰናኣ ዘሕለፈት። ስለዚ እቲ ዘርኢ ሥጋ ምስ ኣምላክ ጽልኢ ካብ ኮነ ኑቲ ሕጊ ኣምላኽ ከኣ ካብ ዘይተገዝኣ፡ ነዛ ኑብስና ዘርኢ መንፈስ ጾም ጸሎት ስግዳን ፍቕሪ ትሕትና ልግሲ ለውሃትን ሕያውነትን ዘሪእና ናይ ዘልኣለማዊ ዕረፍትን ሰላምን ንዕጸድ። እቲ ምንታይሲ ከም ፍቃድ ሥጋና እንተ ነቢርና ክንመውት ኢና ስለዚ ኑቲ ተግባራት ሥጋ ብመንፈስ እንዳቀተልና ግና ብህይወት ንንበር።*

## ልሳነ ግዕዝ

ንዒ ማርያም ለእግዚአብሔር አስከሬትየ። እንተኢያውዓሮኪ እሳተ ርስቱ።መሐርኒ ድንግል ወተሰሀልኒ በዘመኑ። ለእመ መሐርክኒ እግዝእትየ ዘይኬንኒ መኑ። ኮናኔ ሰጋ ወነፍስ ወልድኪ አኮኑ። መልክዐ ኤዶም

## ልሳን ኣበው

“ክትምጽውት እንተደሊካ ካብ ዝጸዓርካሉ መጽውት”

ማር ይስሓቅ

“ኩሉሳዕ ትጸውም እንተኳንካ ብትዕቢት ኣይትነፋሕ”

ኣበ ኤስድሮስ

## ፈነወ ሬድዮ

ሰላም ከመይ ተምሰዩ ክቡራት ሰማዕትና ኣብ ዝሓለፈ ፈነወና ምስ ኣዴና ቅድስት ሰማዕት ሳራ ዝገበርናዮ ሓጺር ዕላል ኣቕብናልኩም ከም ዝነበርና ዝዘከር ኮይኑ ንሎሚ ድማ ብቐጥታ ምስ ዝፍኖ ኣብ ኣዳራሽ ሕልና ካብ ሰዓት 7:30 ድ.ቀ ኣትሒዙ ዝካየድ ውድድር ምርኢት ቅዲ ኣልባሳት ኢኹም ከተምስዩ ሰናይ ምክትታል።

ንዕላማ'ዚ ውድድር ብዝምልከት ምስ'ቶም 3ተ ምኩራት ደያኑ ማለት ኣቶ ክብሪ፥ ኣቶ ግርማን ኣቶ ሓቀኛ ምስልን ኣቐድም ኣቢልና ዝርርብ ኣካይድና ኔርና። እዞም ምኩራት ደያኑ "ደቂ ሄዋን ካብ እግዚአብሔር ይኹን ካብ ሰብ ክብሪ ዘውህበን፤ ግርማ ሰማያት ከም ዝለበሳ ዘምስለን፤ ብዓቢኡ ድማ ክርስትያን ጓል ኣንስተይቲ ክትመስሎ ዘለዋ ሓቀኛ ምስሊ ከመይ'ዩ ንዘይትፈልጥ ምምሃር ንዝረስዐት ምዝኽኻር ሸለል ንዝበለት ድማ ንምግሳጽ'ዩ" ክብሉ ረዚን ምብርሂ ሂቦም።

እ. . . መደብ ኣብ ምጅማሩ ከም ምኳኑ ምጠን ዕዱማት በቦትኦም ክሕዙ ይረኣዩ ኣለዉ። እቲ እተን ተወዳደርቲ ዝንቀሳቐሳሉ መድረኽ ካብ ጸግዒ'ቲ ኣዳራሽ ኣትሒዙ ብማእከል ዝሰንጥቕ ብምኳኑ ዕዱማት ብየማንን ብጸጋምን ናይ'ቲ መድረኽ ኢዮም ኮፍ ኢሎም ዘለዉ። እዚ ቅድሚ 3ተ ወርሒ ኣትሒዙ ዓቢ ምውዕዋዕ ክግበረሉ ዝጸንሐ መደብ ስለ ዝኾነ ህንጥዩነቶም ኣብ ገጾም ክሳብ ከንትብቦ ዝከኣል'ዩ ሰማይ ዓሪት ዘሎ። ነዚ ውድድር ዝያዳ ፍሉይ ዝገብሮ እተን ንውድድር ዝቐርባ ጉራዙ ባዕለን ብዘዳለወአ ኣልባሳት ክወዳደራ ምኳነን'ዩ። ብዙሓት ኣብ ዓውዲ ቅዲ ክዳን ማለት 'Fashion' ዝነጥፋ ሰብ ሞያ፤ ተወዳደርቲ ንእንታይነተን ማለት ንውሽጣዊ መንነተን ዘንጸባርቕ ስራሕ ሒዘን ክቐርባ ከም ዝኽእላ እዮም ክትንትኑ ኣምስዮም።

እሺ. . . መደብ ድሮ ተጀሚሩ 1ይቲ ተወዳዳሪት ናይ'ዚ ውድድር ኣብ መድረኽ ክትወጽእ'ያ ትረአ ዘላ። ብወገን ጸጋም ናይ'ቲ መድረኽ ዝርከቡ ዕዱማት ድማ ብዘደንቕ ሞራል ፌስካ ብዝዓብለሎ የሰንይዋ ኣለዉ። እዛ ፍሽኽታ ኣሰንያ ንደገፍታ ምስጋና እናሃበት ብቐስታዊ ኣሳጉማ ናብ ማእከል መድረኽ ኣኣንፊታ ትኸይድ ዘላ ጉርዞ፡ ቅንፍዝ ከስምያ ዝኽእል ኣታሕዛ ጸጉራ ንገለገለ ኣብ የማን ዝርከቡ ተዓዘብቲ ከየሰንበዶም ኣይተረፈን። ኣለባብሰኣ ድማ ኣፍ ልባ ዘርኢ ገፊሕ ናይ ላዕሊ፥ ምስ ኣካላታ ዝጠበቐ ታይት ድማ ናይ ታሕቲ ወድያ'ላ። ንገለ እዋን ኣብ መድረኽ ክትዛወር ድሕሪ ምጽናሕ መድረኽ ን2ይቲ ተወዳዳሪት ኣረኪባታ ኣላ፤ ሕጂ ውን “መሃነን መልክዕክን ኣቃውማኽን ሞሳ ይግበአ” ብዘሰምዕ ናይ ጣቕዒትን ዋጭዋጭታን መግለጺ ብወገን ጸጋም ናይ'ቲ መድረኽ ከም ናይ ብርቱዕ መንጫዕጫዕታ ድምጺ ይውሕዝ ኣሎ። እዛ ብርእሰ ተኣማንነት ተወጢራ ትስጉም ዘላ መንእሰይ ጓል 9ተ ዓመት ህጻን ከላ ትለብሶ ዝነበረት'ዩ መሰለኒ ኣዝዩ ሓጸር ጎና ምስ ብረኣዩኒ ዝብል ኣዕናቐ ዘጌጸ ቀራጽ ኢዱ ናይ ላዕሊ ለቢሳ ኢያ ትረአ ዘላ። ገየጽየጽ'ሞ መን ኢልዎ።

መድረኽ ድሮ 3ይቲ ተወዳዳሪት ኣእንጊዱ'ዩ ዘሎ። ናይ'ዛ መንእሰይ'ሞ ፍሉይ'ዩ “ኣንታ እንታይ ረኺብዋ ዝብል ዕዝምዝም ብወገን የማን ካብ ዘለዉ ዕዱማት ይሰማዕ ኣሎ። “ዋይ ሓብተይ! ግርም ኣለኺ ድዮም ኢሎማ፧” ዝብሉ'ውን ኣይተሳእኑን። እንተ'ቲ ካብ ጸጋም ወገን ዝሰማዕ ድምጺ ግን ኣብ ቦትኡ'ዩ ነይሩ፥ ገለገለ “ኬፍ ኣለኪ!”፤ “ማራ መጸለል!” ዝብሉ ናብ ጭደራ ገጾም ዝኸዱ ኣድናቖት ሓዊሰካ ማለት'ዩ። ሓደ ካብ ደያኑ - ኣቶ ግርማ ውን ዝረኣዮ ምእማን ዝሰኣነ ክመስል ደጋጊሙ ኣዒንቱ ብምድራዝ ይከታተል ኣሎ። እምበኣር ኣልባሳት'ዛ ጉርዞ ፦ ኣናጹ ዝቐንያሉ ምንጻፍ ክመስል ቦግ ቦግ ኢሉ ዝተበላልዐ ጅንስ ስረን “ዓቐና ከይትለብስ'ሲ. . .” ዘብል ክሳብ ከባቢ ታሕተዋይ ክፋል መሰናግለኣ ጥራይ ዝበጽሕ ዝተረፈ ክፋል ከብዳን እታ ዘይትሓንኽ ሓጺን ኣንጠልጢላ ትረአ ሕንብርታን ግን ኣብ ዕዳጋ ከም ዘወረደ ንብረት ንዓዲ ሃገር ቀሊዑ ዝርኢ ናይ ላዕሊ ወድያ'ያ ትቆጻጸ ዘላ። ንገለ ግዜ ምድረኽ ትቐጻጺራ ድሕሪ ምጽናሕ 'ቻው' ብዝመስል ምውሰዋስ ግናዓ እናኣርኣየት ካብ ጸጋም ብናይ ሞራል ጨብጨብታ እናተሰነየት መድረኽ ገዲፋ ናብ ውሽጢ ትኣቱ ኣላ። . . . . . . . ናብ 5ይ ገጽ ይቕጽል

“ እው፡ እወ ደሓን’ዮም ደቀይ ኣነ ደኣ ደስ እናበለኒ እንተኾነ ግዳስ ኣጥዒካ ዝሓሰብካሉን ኣድቂቅካ ዝመተርካዮን እቲ ነይ ሓምቅ እቲ ነይ ሓንቅ እንድዩ ነገራቱ ኣብዘን ክልተ መዓልታት ምልስ በሉኒ’ሞ ሓዲኡ ክነግረኩምየ፡፡” “በኛኩም ኣቦይ ተክለ ብክፍሊት እንተኮይኑ ምንም ሽግር የለን ደስ ዘበለኩም ምስ ትካልና ርኢና ክንከፍሎ ንክእል ኢና ምክንያቱ ከም ጀመርቲ መጠን እዚ መሰልጠንን መሸጥን ክከውን ሓሲብናዮ ዘሎና ትካል ህርኩት፡ ንፋዕን ጻዕራምን ስርሓቱ’ውን ብሉጽ ዝኾነ ሰብ ኢና ደሊና ዘሎና፡ ሰባት ድማ ምስ ኣቦይ ተክለ ጥራይ ዘዕልል ወትሩ ምስኦም ዝርአ ሰራሒ ካይላ ኣሎ ስለዝበሉና ኢና ናባኩም መጺእና ዘሎና፡ ስለዝስ ተሓባበሩና”፡፡ ወሸለ ስራሕ ተረኪቡ ንሱ ተመሃራይ እንድዩ ጎኒ ጎኒ ትምህርቱ’ዩ ዝዓዩ ስለዚ ምስኡ ተረዳዲኣ ከድህየኩምየ ዮም ደቀይ ከመይ ዝበለ ንፋዕን ሕያዋይን ከመስለኩም፡፡

* * *

ተፈጥሮ ምስጢርነት ፈጣሪኡ ንምግላጽ መስኮት ጽባቀኡ ከፊቱ ንኩሉ ብማዕረ ንኽቋደስ ይዕድም፡፡ ድምጺ ናይተን ብዝተፈላለየ መኣዝን ኣሕቢረን ዝፋጽያ ዝነበራ ኣዕዋፍ’ውን ነቲ ቦታ ብጽምዋኡ ከየስተማስል የማዕረጋ፡ ኮታ’ስ ብምስትብሃል ንዝተዓዘቦ፥ “ተፈጥሮ መርዓዊ ዝጽበ ዘሎ ውቁብ ዳስ’ዩ” ዝመስል፡፡ “እንታይ ትገብር ኣሎካ ድጊምካ ሕሰበሉ ሂወትካ ኣብዚ ኣብቂዓ ማለት ኣይኮነን ግደፍ፡ ግደፍ” መንፈስ ናሆም ብገናሒ ቃና ክድህ ጀመረ፡፡ “ጽቡቅ ኣሎካ ሰድራኻሽ እንታይ ክብሉካ በቃ ‘ቲ እንኮ ፍታሕ ሞት ጥራይ’ዩ ከምዚ ኢልካ ደጅ ናበይ ክትከይድ ብራሾ ጽቡቅ ኣሎካ” ሰጋኡ’ውን ድምጻ ኣጉሊሓ ኣድሃየት፡፡ ናሆም ብዓቕሊ ጸበት ነታ መኸተምታ ህይወቱ ክትህቦ ባዕሉ ኣብ ገረብ ዘንጠልጠላ፡ “ሕጂ’ዶ ደሓር ዕዮይ ይፍጸም፧” ትብል ዝነበረት ገመድ ደጋጊሙ ጠመታ፡፡ ህይወት ድሕሪ`ዛ ገመድ ከስተማቅር እናተመነየ ከኣ ነዛ ዓለም ክፋነዋ ክሳዱ ኣብታ ገመድ ኣእተወ፡፡ እታ ትንፋሱ ከተሕልፍ ዝተቐረበት ገመድ ሃንደበት ካብ ላዕላይ ሸነኻ ተቐርጸት ናሆም ካብዘን ን25 ዓመታት ዝተቐመጠላ ዓለም ርሒቑ ዓለም ቀይሩ ክኸውን ተስፋ እናገበረ ኣብቲ ወዲቕሉ ዝነበረ ምድሪ ኮይኑ ዓይኑ ሰም ኣቢሉ ዝመጾ ፍርዲ ክቕበል ተዳለው፡፡ “ናሆም፡ናሆም፡ደሓን ዲኻ ዘወደይ በስመ ኣብ.... ናሆም ትሰምዓኒዶ ኣለኻ፧” ዝብል ረባሺ ድምጺ ምስ ሰምዐ ግን ኣብቲ ወዲቕሉ ዝነበረ ባይታ ኮይኑ ንላዕሊ ገጹ ቊሊሕ በለ፡ ኣቦይ ተኽለ እዮም ብርቡሽ ስምዒት ሂወት ሰብ ከድሕኑ ንረድኤት ዝደሃዩ ዝነበሩ፡፡ ኣቦይ ተኽለ ምቅምቃም ፍዮሪ ዝፈትዉ ምስ ኣምላኽ ምንባር ዘስተማቕሩ ዓቢ ኣቦ ኢዮም፡፡ ወትሩ ኣብ ቀዳመ ሰንበት ፍዮሪ ንክርእዩ ኣብ ዝወጽሉ ግዜ ኣብዚ ዉቁብ ቦታ ሓደ መንእሰይ ይዕዘቡ ነበሩ፡፡ ምስ ናሆም እምበኣር ኣብዚ ቦታ እዮም ተላልዮም፡ ሓደ ካብቲ ነቦይ ተኽለ ስርሖም ረሲያም ወትሩ ቀዳመ ሰንበት ክመላለሱ ዝገብሮም`ውን ስርሓት ካይላ ናይ ናሆም ጥቡብ ኢዩ፡፡ “ኣቦይ ተኽለ!ንምታይ ከምኡ ጌርኩም ዘይትገድፋኒ ንምንታይ ቀሪጽኩማ ኣብዛ ገመድ ዑቁባ ምሕታት ይሕሸኒ ግደፋኒ ሕይወተይ እኳ ኣብቂዓ ኢያ” እናበለ ከንጸርጽር ጀመረ፡፡ “ናሆም ወደይ ኣይትጋገ ርግእ ኢልካ እሞ ስምዓኒ ቅድም ስምዒኒ ዘወደይ” ኢሎም ድሕሪ ምግናሕ ብክልተ ኣእዳዉ ከረው ኣቢሎም ኣብ ሓደ ጸግዒ ኮፍ ኣበልዎ፡፡ “እታ ናሆም ወደይ አዚ ኣብ ርእስካ ዘሎ ጋኔናዊ ሓሰብ ኣውጽኣዮ ሸሕ ግዜ ዝከፈኣ ሽግር ይግጠመና እቲ ጽሑፍ ግን ከምዚ አዩ ዝብል “እቲ ብመዓልቲ ጸበባ ዝዕገስ ሰብ ብፁዕ እዩ” ደሓር ከኣ ነቲ ክሳብ ሕጂ ብምሉእ ጥዕና ዘጽናሓና ፈጣሪና ከነመስግን ይግበኣና ኢዩ፡ ዝሓለፈ ሂወትካ እሞ ዘክሮ ነቲ ካብ ከርሲ ኣዴኻ ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ ዘይተጋደፈካ ከይትወድቅ ብቅድሜኻን ብድሕሬኻን ብመላእኽቲ ኩብኪቡ ኣብ ኣፍደገ ቤትካ ኮይኑ ዝኹሕኹሕ ሕያዋይ ጓሳ ዘክሮ” ኢሉ በቲ ኣባታዊ ልሳን ክምዕድ እንከሎ ናሆም መጽሓፍ ሂወቱ ንድሕሪት ምልስ ኢሉ ክግንጽል ጀመረ፡፡

ናሆም ካብ ሃብታማት ስድራ ዝተወልደ መንእሰይ እዩ፡፡ ወለዲ ናሆም እንኮ ውላዶም ንሱ ብምዃኑ ዘድልዮ እናማልኡ ብትምህርቱ ብሉጽ ኮይኑ ክወጽኣሎም ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕን ናይ ወትሩ ሕልሞም’ዩ፡፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ብዘይካ ትምህርቱ ካልእ ስርሓት ክሰርሕን ክዓይን የፍቅድሉ ኣይነበሩን፡፡ ብፍላይ ነታ ሓንቲ ሰንበት ኣብ ሰሙን ክሳለም ቤተክርስትያን ዝኸዳ ካብ ትምህርቱ ከይሰናከል ብምባል ብትሪ ይቃወምዎ ነበሩ፡፡ ናሆም ነቲ ብትግሃት ዝጀመሮ ስራሕ ምስ ጽባቀ ፈጣሪ ተፋጢጡ ብተመስጦ ይሰርሕ ነበረ፡ ከም ኩሉ ሰብ ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ ዝጸንሖ ባህጊ’ዩ ስርሓት ካይላ፡፡ ዋላ’ኳ ወለዱ ብሕልፊ ወላዲኡ ነቲ ጎኒ ትምህርቱ ዝሰርሖ ስርሓት ካይላ ንክገድፎ ወግሐ ጸብሐ ይቛየቖ እንተነበረ ናሆም ግን ነቲ ብሰንኪ ናይ ወለዱ ትሪ ምስ ሰባት ከዕልል ዘይፈቱ ናይ ብሕታውነት ሂወቱ ተሃኑ ዘውጽኣሉ መድረክ ስርሒት ካይላዩ፡፡ ተመሃራይ ሓሙሻይ ዓመት ዕደናዊ ምህንደሳ(mining engineering) ብምዃኑ መጽናዕቲ ይበዝሖ’ኳ እንተኮነ ወትሩ ቀዳመ ሰንበት ናብዚ ጽምዋ በረካ እናመጸ ካብ ሰብ ተገሊሉ ነቲ ከም መማኸሪ ሂወቱ ዝቐጽሮ ስርሓት ካይላ ብደስታ ይዓይየ፡፡ ድሮ 5 ዓመት ተማሂሩ ፍረጻዕሩ ዝሓፍሰሉ እዋን እናተቃረበዩ ተሪፍዎ ዘሎ ነቲ ናይ መወዳእታ ፈተና ክፍተን ጥራይ’ዩ፡፡ ወለዱ’ውን ፍረ ናይቲ ኮስኩሰና ኣዕቢናዮ እናበሉ ዝምክሕሉ ወዶም ንምርኣይ ሃረርታ ክጽበዩ ይርኣዩ፡፡ ግዜ ፈተና እናተቃረበ መጸ ናሆም ግን ዘይከም ካልኦት ተመሃሮ ጥራዙ ክግንጽልን ኣብ ካልእ ሓሳብ ክኸይድን ሓደ’ዩ፡፡ ጸቅጢ ናይ ወለዱ በቲ ሓደ ነቲ ንወለዱ ከሐጉስ ኢሉ ዝጀመሮ ትምህርቲ ባህታ ስለዘይፈጠረሉ ከኣ በቲ ካልእ ኣብ ኣእምርኡ ግጭት ፈጠረሉ፡፡ ተመሃሮ ዓመታዊ ትምህርቶም ኣጠናቂቆም ነቲ ብዘይ ሕለል ጻዕሪ ዝተፈተንዎ ፈተና ዝወሰድሉ ኣጋጣሚ እዩ ዝነበረ፡፡ ናሆም ከም ሰቡ ውጽኢት መርመርኡ ክርኢ ተሃንጠየ፡ኣዕይንቱ በቲ ኣብ ወረቀት ዝነበረ ሪኣድሚት(readmit) ማለት በቲ ዝመጽኦ ውጽኢት ክሓልፍ ከምዘይክእል ዝሕብር ጽሑፍ ክኣምና ኣይከኣላን፡፡ ከይተረድኦ ረሃጽ ብክልተ መታልሑ ወረር ወረር በለ፡፡ ቀዳማይ ኣብ ሓንጎሉ ዝመጾ ሓሳብ ድማ ግብረመልሲ ስድራቤቱ እዩ፡፡ ገጹ ጸለሎ ተከዲኑ ብማዕበል ሓሳብ እናተገፍዐ ድርኩኪት ቤቱ በጽሐ፡፡ ትርግታ ልቡ ምስተን ማዕጾ ክኩሕኩሓ ዝተሰዓ ኣእዳው ዲግ ዲግ እናበለ ወሰኸ፡፡ “መን መን ጽናሕ ይመጽእ ኣለኹ” ዝብል ሕፍስ ዝበለ ድምጺ ኣብ ኣእዛኑ ኣተው፡ “ኢሂ ናሆም ወደይ እንታይ ደኣ ተዓኒድካ ንዓ እባ እቶ ድሮ ከኣ ውጽኢትኩም ተነጊርኩም ሃባ ስከ በል ኣርእየና፡ ብጽቡቅ ነጥቢ ዛዚምካ ክትከውን ተስፋ እገብር” እናበለ ነታ ተዓምጺጻ ኣብ ኢድ ናሆም ዝነበረት ወረቀት ብ ኣተክሮ ተዓዘባ፡፡ “እእእ!!! ተሪፍካ እንታይ ዓይነት ውጽኢት’ዩ ክንድዚ ከተምጽእ ኣበይ ኔርካ እህህህ ኣነ’ኳ ብቀደሙ ፈሊጠዮ እየ፡ ግደፍ እዚ ጭቃ ወዲ ጭቃ ጠፍጢፍካ ክትሰርሖ ትውዕል ዘለካ ቀንጠመንጢ እይጠቅምን እዩ ትምህርትኻ ተኻታተል ኢለ ረብሪበ ሕጂከ ጽቡቅ” ኢሎም ዘረብኦም ከይወድኡ ዓቀን ደሞም ላዕሊ በጺሓ ኣብ ዝነበርዎ ባይታ ወደቑ፡፡ ሂወት ናሆም ድሕሪ’ዛ ዕለት ካብ ዝከፍአ ናብ ዝበኣሰ ከምርሕ ጀመረ፡፡ በቃ ወግሐ ጸብሐ ኣጽንዕ እናበሉ ካብቲ ባህጊ ልቡ ክፍጽም ዝዓየሉ ስራሕ ካይላ ከቛርጾ ቀየቓ ኮነ ቀለቡ፡፡መዓልቲ ንገዛእ ርእሳ ኢላ ትዓርብ ኣዋርሕ’ውን መዓልታት ጸብጺቡ ዓመት ኣርከቦ፡ ቅንያት ፈተና ምዃኑ በቶም መጽሓፎም ተኾልኺሎም ኣብ ቤት ንባብ ዝመላለሱ ተመሃሮ ትግንዘቡ፡፡ ናሆም ዘይከምተን ካልኦት ፈተናታት ብዝያዳ ጸቅጢ ስድራቤት ኽንደይኮን የምጽእ ይከውን እናበለ መርመራ ሀ- ኢሉ ጀመረ፡፡ ናይቲ ቅድሚኡ ዓመት ተሪፎም ዝነበሩ ዓይነት ትምህርቲ ክደግሙ ዝተኣዘዙን ኩሎም ብሓባር ውጽኢት መርመራ ክወስዱ ስሞም በብሓደ ክጽውዑ ብብርቱዕ ሃንቀውታ ክጽበዩ ይርኣዩ፡፡ “ናሆም ኤፍሬም” ሃንደበት እቲ ስም እናጸውዐ ዝዕድል ዝነበረ መምህር ተደሃየ፡፡ “ኣቤት” ኢሉ ካብቲ መምህር ውጽኢት መርመርኡ ተቀበለ፡፡ ኣብራኹ እናተረድኦ ክጠልምኦን ንብዓት ብክልተ ምዕጉርቱን ከም ዝዛሪ ዘሎ ወሓይዝክመስል ወረር ክብል ጀመረ፡፡ ውጽኢት መርመርኡ ዘይናቱ ከይከውን ብምባል ደጋጊሙ ርኣየ ግን ለውጢ የለን ብየማናይ ሸነኽ ናይታ ወረቀት ዳውንግሬድ(downgrade) ወይ ከኣ በቲ ዘምጽኦ ነጥቢ ካብቲ ናይ ን5 ዓመት ዝተማሃረሉ ናይ ዲግሪ ፕሮግራም ናብ ዲፕሎም ንኽወርድ’ዩ ዝእዝዝ ነይሩ፡፡ ከይተረድኦ “ኣይከውንን’ዩ” ዝብል ናይ ሕርቃን ድምጺ ብዓውታ ካብ ኣፋ ኣውጽአ ምስኡ ንዝነበረት ወረቀት ኣብ ባይታ ደርብዩ እግሩ ናብ ዝመርሖ ብህዉክ መንፈስ ተበገሰ፡፡

* *

በስመኣብወልደመንፈስቅዱስ ኣንታ ናሆም ወደይ እንታይ ክትረክብ፡ ኣረ እንታይ ክትረክብ ኢካ ከምኡ ዝገበርካ ምሕናቅ ኢልካ’ሎ በስመኣብወልደመንፈስቅዱስ! ታ’ቶም ስድራካከ ኣየደንግጹካን ድዮም ዚ’ኩሉ ዓመታት ሓብሒቦም ፍሬካ እናተጸበዩስ ኢዶም ከተሰእኖም!፡፡ ኣቦይ ተክለ በጃኹም ሕደጉኒ በጃኩም ሕደጉኒ፡፡ “ኣታ ቀልዓ በስመኣብ እስኪ በል በስመኣብ በል እንታይ ዲካ ኴንካ ደሓንዶ ኣይነበርካን ሃየ በስመኣብ በል” በሉ ኣቦይ ተክለ ብህዉክ መንፈስ ንርቡሽ ልቢ ናሆም ንክርግኡ፡፡ “ኣቦይ ተክለ በጃኹም ሕደጉኒ በጃኩም ካልኣይ ግዜ እኺ እየ ተሰጉገ ዳውንግዔድ ተባሂለ ኣቦይ ተክለ ዳውንግሬድ ተባሂለ ኣብ ምዝዛመይ ሪኣድሚት ተባሂለ ከይኣክለንስ ሕጂ ድማ ዝገደደ በጃኩም እቦይ ተክለ ሕደጉኒ በጃኩም ኡይይይ’’’’”፡፡ “ግደፍ ርእስካ ኣይትሓዝ ኣታ ቀልዓ ግደፍ በስመኣብ በል” እናበሉ ንኣእዳዉ ካብ ርእሱ ኣልዮም ንሰብነቱ እብ ሕቁፎም ኣጸጊያም ከምታ ኩሉ ግዜ ዕራርቦ ቀዳመ ሰንበት ከዕልልዎ ከለዉ ዝገብርዎ ርእሱ እናሓሰዩ “በል ናሆሞ ወደይ እቲ ትማል ቀጽለለይ እናበልካ ዝረበሽካኒ ዕላል ክቅጽለልካ “ኣቱም መንነቶም ዘይፈልጡ ዓዲ ዝጉብሮ የብሉን ድኻ'ዩ ኢልኩም መሬተይ መንጢኩም ትፈልዩኒ እለኩም ኣምላክ’ውን ይርኢ’ዩ እንታይ ከም ዘፍድየኩም’ውን ክትርእዩ ኢኩም መሬት ዓድና ብምሉኣ ድማ ንውርደትኩም እምበር ንሓጎስኩም ኣይትኩን” ኢሉ ረገሞም ንሶም ውን ኣሕሊፎም ሃብዎ ብሕማቅ ውን ተቀትለ፡፡ ናሆም ወደይ ስኡን እዩ፡ ዝገብሮ የብሉን ኣኢልካ ምጭካን ነውሪ’ዩ ሃየንታ’ውን ኣለዎ፡፡ ከምቲ ዝበሎ ድማ ጽቡቅ ክራማት ሓሊፋግዜ ምእካብ ፍርያት ቀውዒ ኮነ እንተኾነግን ዝተሓፍሰ እክሊ ኣይነበረን እኺ ደኣ ካብ ጻት ንጻት መሬት ዓዶም ብእሾክ በርኻ ተመልአት፡ ኣስተውዕል ዘወደይ ነቲ መን እለዎ እዝጊ ኣለዎ ዝተባህለ ሰሚዕካዶ ኣሎካ” ኢሎም ሓተትዎ መልሲ ንኽረኽቡ እናተሃንጠዩ እንተኮነ ናሆም ናይቲ ምሉእ ወጋሕታ ጉዳይ ትምህርቲ ኣሻቂልዎ ከይደቀሰ ዝሓደረን ተደሪቢ ፈተነ ነፍሰቅትለትን ከምኡውን ጭንቀትን ኣዳኺምዎ ብምንባሩ ኣብ መንጎ ዕላሎም’ዩ ድቃስ ወሲድዎ፡፡ ኣቦይ ተክለ መልሲ ዘይመውሃቢኡ ምክንያት ገሪምዎ ናብኡ ጠሚቶም ምድቃሱ ምስ ኣረጋገጹ “ ኣየ ናሆም ዓይነይ ድቃስሲ ቁመና መሓዛኪያ እምበር” በሉ ምድቃሱ እናኣሐጎሶም፡፡

ድሮ ክልተ ሰዓት ዝኣክል ደቂሱ፥ ኣዕሪፋዩ ኢሎም ስለዝሓሰቡ ኣቦይ ተክለ ስሙ ብምጥቃስ ርእሱ እናነቅነቁ ኣተንስእዎ። ናሆም ሃንደበት ዝደቀሶ ድቃስ ዕረፍቲ ስለዝፈጠረሉ ነቲ ኣብ መንገ ዕላሎም ገዲፍዎም ዝደቀሶ ይቅሬታ ሓቲቱ ንክቅጽልሉ “ይቅሬታ ኣቦይ ተክለ ከምኡ ኣይትፈትዉን ኢኹም ኣዝየ ስለዝደከምኩየ ሃንደበት ደቂሰ ይቅሬታ ሕጂ ግን ቀጽሉለይ” ደሓን ዝወደይ ኣይኩርይንየ ተረዲኡኒ እንድዩ እንተ ኾነ ሕጂ ንሱ ዘይኮነ ክደግመልካስ ንስኻ ኢካ ከመይ ኢልካ ነዚ ንዓይንካ ዘብህግ ውሕሉል ዝኮነ ስርሓት ካይላ ከም እትሰርሖ ኩተዕልለኒ፥ ኣቱም ኣቦይ ተክለ ንሱ ደኣ ትፈልጥዎ እንዲኹም እዚ ኩሉ ዓመታት ርኢ ኹምኒ እንዲኹም። ንሱ ብዓይነይ እየ ርእየካ ሕጂ ድማ ብእዝነይ ክሰምዖ ይደሊ ኣለኹ’ሞ ሃየ ደኣ ንገረኒ። መጀመርታ ሓመድ ኣምጺኣ የብዕጦ ብድሕሪኡ ቅርጺ ኣትሒዘ ኣብ ሓዊ የቃጽሎ ሕብሪ ለኽየ ድማ የቐምጦ። ኣየ ናሆም ወደይ መቸም እንተምጺእካ እህህህ!! ንዝኮነ ሓመድ ዲካ ትወስድ ወይስ ፍሉይ ሓመድ እዩ ነፊኻኸ ነቲ ጽሩይ ዲካ ተብዕጦ ወይስ ንኩሉ። ነቲ ዝተነፍየ እምበኣር። ኣብ ሓዊ ክሳብ ዝሕእርር ዘይኮነስ ክሳብ ዝተወሰነ ግዜ ኢካ እተንድዶ ቅርጺ እንተኮነ እውን ከምታ ንስካ እትደልያ ኢካ ትሰርሓ እምበር እታ ካይላ ኣፍ ኣውጺኣ ንምንታይ በዚ ዓይነት ቅርጺ ሰሪሕካኒ ብከምዚ እባ ስርሓኒ ኣይትብለካን እያ። እቲ ማይ እንተኮነ’ውን ሰቕ ኢልካ ኣይትግምጥሎን ኢካ ብዓቀን ብዝግባእ ኣበዓዕጣ ኢካ ትሰርሖ መስለኒ ዝወደይ። እወ ኣቦይ ተክለ ትፈልጥዎ ኢኹም ኢለየ። እወ ዝወደይ ልቢ ግበር ንስራሕካ ልዕሊ ግርምኡ ኣሰራርሕኡ ስለዘብህገኒ’የ ነዛ ቀዳመ ሰንበት ሃረር ኢለ ዝጽበየካ ምኽንያቱ እታ ብብዙሕ ምንፋይ፥ ምብዓጥ፥ ምልዋስ ምጥባስን ምቕባእን ዝሓለፈት ምርጽቲ ውርደተኛ ሕስርትን ዝኮነት ሓመድ መወዳኣትኣ ኣብ ኩብሒ ብምድያብ ንከይትሰበር ኣብቲ ዝከበረ ቦታ ትቅመጥ። ዝወደይ ማይ ምጽዋር ስኢና እንተትብተን፥ ኣብ ሓዊ ኣትያ እንተትሕምሸሽ ነዚ ክብሪ ምረከበቶ ድያ ? ኣይምረከበቶን ስለዚ ናሆም ወደይ ንሕና ደቂ ሰባት ብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተና ይገጥመና ይኸውን’ዩ፣ ይገጥመና’ውን እዩ ንሕና ግን እንታይ ክንገብር ኣሎና ብፈተና ንውደቕ ኢድና ንሃብ ከምኡ ድዩ እይፋሉን እንታይ ደኣ ክንጻወሮ እዩ ዝግበኣና ከመይሲ መንግስተ ሰማይ ዓቅሊ ብምግባርን ንሰናይ ብምኽታልንያ ትርከብ ስለዚ’ዩ ድማ ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ መንግስተሰማይ ክንእቱ ዝግበኣና ብብዙሕ መከራዩ ዝበለ። ኣብ ርእሲኡ ድማ’’ ዝወደይ ንዓሞ ተንስእ ካብ ሕቑፎይ ነታ ዕትሮ ትመስል ቀጣን ካይላ ኣምጽኣያ፥ ነዛ ስርሓት እናሰራሕካያ በጃካ ናሆም ንዓይ ገዛፍ ጌርካ ስርሓኒ እንደገና ድማ ጸሊም ሕብሪ ይሕሸኒ ኢላትካ ድያ? ከምታ ንስኻ እትፈትዋን እትብህጋን ጌርካ ኢካ ዝሰራሕካያ ምኽንያቱ ልዕሊኣ ንዓኣ ንስኻ ትሓልየላ ከመይ ዓይነት ጌርካ እንተሰሪሕካያ ያ ጽቡቕ ትኮነልካ ኣብ ጽቡቕ ትቅመጠልካ ስለ ትፈልጥ። ኣስተውዕል ናሆም ወደይ ዓሻ ኣይትኩን ንሕና ኩልና ውሕሉላት ስርሓትን ውሉድ እምላክን ኢና ልዕሊ ነብስና ድማ ንሱ ይሓልየልና ስለዚ’ዩ እቲ ጽሑፍ ንሱ ይሓልየልኩም’ዩ ሞ ንኩሉ ሓልየትኩም ናብኡ ኣውድቕዎ ዩ ዝብል ስለ ዝኮነ ንኩሉ ዝረክበና ሕማቅ ኣሜን ኢልና ጥራይ ነመስግኖ እምበር ንሰናይና ክከውን’ዩ። ናሆም ወደይ እንተ’ቲ ንወለድካ ምንጋር ባዕለይ ኣለኹዎ፥ ከም ራኢ ዘይብሉ ሰብ ናይ ሕማቃት ከንቱ ዝኮነ ሓሳብ ኣይትሕሰብ ትርጉም’ውን የብሉን ብዓቢኡ ነፍስካ ምሕላፍ ንነፍስኻ ንሲኦል ምፍራድ’ዩ። ሃየ ደኣ ሕጂ እቲ መሳርያይ ሃበኒ እሞ መሬት ከይዓረበ ገዛኹም ክንከይድ እንተቲ ወለድካ እትዋት ዘይብሉ ኢሎም ዘቃልልዎ ክቡር ሞያካ ጥዑም ደሃይ ሒዘልካ ኣለኹ ጽባሕ ብሰፊሑ ከዕልለካ’የ። ክልተ ሰብ ጸጋ መጺኦም ኣዘራሪቦምኒ ትምህርቲ ከይጅምር እምበር ንሱስ ኣዝዩ’ዩ ዝፈትዎ ኢለዮም። ለካ እምላክስ ንሰናይካ ኩሉ ከምዝገብር ክምህረካዩ እዚ ዝዓዬ ዘሎ ናሆም ወደይ ተጠንቀቕ ሂወትካ ኣመሓይሽ ወርትግ ውን ንእግዚኣብሔር ኣመስግኖ። ብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተና ክገጥመና ንቡር’ዩ እንተኮነ ግን ኣምላክ ልዕሊ ዓቕምና ኣይፍትነናን’ዩ ልክዕ ከም’ቲ ሕሱር ሓመድ ፍረ ትዕግስቱ ክብሪ ዝረከበ ንሕናውን እንተተዓጊስና ፍቃድካ ይኩን ኢልና ናብኡ እንተቀረብና ፍረ ሕስረትናን ውርደትናን መከራናን ክብሪ ክከውንዩ። “ ኡፍፍፍ ኣቱም ኣቦይ ኣምላክ ይመስገን ናይ ስድራይ እንተዘይኮይኑ ካልእ ዘሸግር የብለይን”። ናይ ናቱስ ባዕለይ እለክዎ ሃየ ደኣ ነዓናይ ንኪድ ንኪድ ዝወደይ።

## ሓበሬታ

ከመይ ቀኒኩም ክቡራን ምእመናን ተከታተልቲ መንፈሳዊት ጋዜጣ ንዑ ርኣዩ ኣብ ዓውዲ ከነላልየኩም እነውጽኦ ጽሑፍ ምንጪ ስንክሳርን ካልኦት ኣዋልድ መጻሕፍትን ኮይኑ ንኣዘናትዋ ክጥዕም ብምባል ኢና ብ መልክዕ ጋዜጠኛን ዕዱምን ዝገበርናዮ። እግዚኣብሔር ሰላሙ የብዝሓልና ዝተባረኸ ኣውደኣመት (ቑስቋም) ድማ ይግበረልና።

# ግጥሚ

## ወጮ ከዲኖማ

ጸሓይ እንክትጽልምት ብርሃና ሓቢኣ

ወርሒ ተከተለት ኣሰራ ስዒባ

ከዋኽብቲ እንክወድቁ ኩሎም በበሓደ

መላእክቲ ሰማይ ኽእውጁ መለኸት ተነፍሐ

ሽዑ’ዩ እቲ ግዜ ንጉስ ዝወርደሉ

ነፍሳት ተኣከባ ክፈርድ ንኩሉ ቡብግብሩ

ገዓር ምስ ኣውያት ዘይብሉ ሰማዒ

ኩሉ ክጠዓስ ስኢኑ መእተዊ

ፍትውተይ ተቀረበት ክትዓጽድ ፍረ ዘርኣ

እምሪራ ኑብዐት ሕሉፉ ዘኪራ

ኣብ ዓለም ክትዕንድር ፍትዋ ረሲዓ

እማኒኣ ምጥላም ሕጂ ኣጣዓሳ

ፍትውተይ ዘከረት ናይ ፍትዋ ግርማ

ኩሉ ተቐጀላ ምኳኑ ናይ ምሕረት ኣርማ

ማዕጾ ልባ ክኸሕኩሕ ብናይ ፍቅሪ ባንዴራ

ፍትውተይ ዘንገዐት በለቶ “ ኣይተከደንኩን ፍትወይ”

ደጊሙ ኳሕኮሐ እናበለ ፍቅረይ

ፍትውተይ ኣቅበጸት ለሚዳ ውሽማ

መዓስ ፈሊጣቶ ከምዚ ምኳኑ መወዳእታ

ክትበኪ ጀመረት ሞት ሕጹይ ኮይንዋ

ግርማ ናይ ፍትዋ ዳግማይ ምስ ረኣየ ዓይና

ፍትወይ እናበለት ንምሕረት ለሚና

ሰማዒ ግን የለን ኣብቲ መፈጸምታ

ቦታ የብሉን ንልማኖ ምሕጽንታ

ዝፈሰሰ ከም ዘይ ሕፈስ ንኑብሳ ኣእሚና

ብፍርሒ ተጸበየት ክትቕበል ፍርዳ

እብ ሚዛን ተቀመጠት ክትፍተሽ ሕይወታ

ኣይግድን!! ፍትውተይ ጥርሓያ ጸኒሓ

መላእክቲ ተኣዘዙ ወጮ ክከድንዋ

ካብ ገጽ ፍትዋ ተባረረት ናብ ቲ ሕሱም ውሽማ!!

. . .ካብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

. .እ. . እ. . ዘገርም ክስተት'ዩ። እቶም ምሉእ ምሸት ከም በሃማት ኣስቂጦም ዘምሰዩ ናይ የማን ተዓዙብቲ ኣዝዩ ብዘደንቕ ነገዳ ዝጥዕም ዕልልታን ጣቕዒትን ምስ ኣራግጻኣ ዝተወሃሃደ ስሙር ዝኾነ ጨብጨባ 'ኣቤት ኣሳጉማ' ብሰምዕ'የም ዘእትውዋ ዘለዉ። እዛ ወይዘሪት ግን ዘይከም'ተን ዝቐደማ ጉራዙ ምስ'ዚ ዝውሕዛ ዘሎ ኣድናቖት ክትትዕነን ኣይትረአን ዘላ። ደያኑ'ውን ካብ'ቲ ዘምሰየ ኣጣምታ ዕዝዝ ብዝበለ ብኣንክሮ'የም ዝከታተልዋ ዘለዉ። ናይ'ዛ ኮኾብ እዚ ምሸት ንምኳን ትወዳደር ዘላ ጉርዞ ኣልባሳት እምበኣር፡ ክሳብ ሸኾና ኣእጋራ ዝበጽሕ ጎና፡ ብዘይካ ክሳዳ ካልእ ኣካላታ ዘየርኢ ነዊሕ ኢዱ ናይ ላዕሊ ከም'ኡ ድማ ምሉእ ብምሉእ ጸግራ ዝሸፈነ ጉልባብ ለቢሳ'ያ ናብ መድረኽ ኣትያ ጸኒሓ። ግቡእ ምርኢታ ኣርእያ ድማ ናብ ድሕሪ መድረኽ ኣምሪሓ'ላ። ክሳብ ሕጂ'ውን ኣዝዩ ድሙቕ ጣቕዒት'ዩ ካብ'ቶም ብየማን ዘለዉ ዕዱማት ዝምጠወላ ዘሎ።

ሐራይ እምበኣር ክቡራት ምእመናን ሰማዕትና ውድድር ተዛዚሙ፥ ሞራል ክህቡ ተንሰኦም ዝጸንሑ ዕዱማት ድማ ነናብ ቦትኦም ይምለሱ ኣለዉ። ተሪፋ ዘሎ ውጽኢት ኢዩ ክኸውን ድያኑ መስርሕ ዳንነቶም ክሳብ ዝዛዝሙ፥ ነዛ ጣዕሚ ዜማ ንጋብዘኩም ሰናይ ጻንሖት።

. . . . . ክብረይ ክብለካ ስልማተይ

ቤተይ ናትካ'ዩ ሰብነተይ

ጥቡብካ ይገልጽ'ቲ ፍጥረተይ

ምስልኻ'ዩ ምስለይ ጉይታ ኣይልውጥን ትርኢተይ . . . . .

ከመይ ጸኒሕኩም ክቡራት ሰማዕትና እቲ ንኣስታት 3ተ ወርሒ ክወዓዋዕ ዝጸነሐ ምርኢት ቀዲ ክዳን ሎሚ ግዜኡ ኣኺሉ ኣብ ኣዳራሽ ሕልና መጋረጅኡ ክፊቱ ድሕሪ ምምሳይ፥ እቲ ኣብ'ዚ ውሽጢ ኣዳራሽ ተኣንጊዱ ዝርከብ ተዓዛባይ ከምኡ'ውን ብፈነወ ሬድዮ ክትከታተሉ ዘምሰኹም ምእመናን ሰማዕትን ክትጽበይዎ ዝጸናሕኩም መነን ኮን ትኸውን ኮኾብ ዝብል ህንጥዩነትኩም እትምልስ ህሞት ድሮ በጺሓ'ላ፥ ደያኑና መድረኽ ክብሕትዎ ኢዮም ናብኦም ኣሕሊፈ ክሰናበተኩም ኣብ ዝመጽእ ብካልእ ትሕዝቶ ክሳብ ንራኸብ ሰሰናዩ ንኩልና።

ሓቀኛ ምስሊ፦ እወ እዚ ሎሚ ምሸት ዘምሰየ ውድድር ኣልባሳትን ኣለባብሳን ብጣዕሚ ጽቡቕ ኢዩ ነይሩ። እዘን ኣብ'ዚ ውድድር ዝተሳተፋ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ንስለተሳታፍነተን ብስመይን ብስም መሳርሕተይን ከመስግነን ይፈቱ። ንሕና ደያኑ፡ ተወዳደርቲ፡ ዕዱማት ከምኡ'ውን ኣባላት ስቱድዮ ትውፊት ከም'ዚ ኢልና ኣብ'ዚ ዓቢ ኣዳራሽ ሕልና ተጋቢእና ምምሳይና ኣዝዩ ሕጉስ'የ። እዚ ኣዳራሽ ንህይወትና ኣዝዩም ኣገደስቲ መደባት ኣዳሊናሉ ኢና። ምናልባት ምጥቃሙ እንተዘይኣቋሪጽና ንኹሉ ግዜ'ውን ከገልግለና'ዩ። ዝያዳ ኩሉ ከኣ ነዚ ሕልና ተፈታዊ ዝገብሮ እቲ ኣብኡ ዘውሰድ ምስርሕ ፍርድን ዳንነትን ቅኑዕ ምኳኑ ኢዩ። መቸም እቲ ቅኑዕ ዝኾነ ክንክተሎ ዝግብኣና ኣለባብሳ ኣየናይ ምኳኑ ምፍላጥ ኣገዳስነቱ መለክዒ ኣልቦ'ዩ። እምበኣር ናብ ዳንነትና ምስ ንኣቱ . . . መምዘኒታትና ኣብ ብዙሓት ቅጥዕታት ዝተመርኮሰ'ዩ ነይሩ፥ ገለ ካብኣቶም ትውፊታውያን ቅዱሳት መጻሕፍቲ ከምኡ ድማ ናይ ኦርቶዶሳዊት ቤተ ክርስትያንና ናይ ኣለባብሳ ስርዓት ኢዮም። ናይ ኦርቶዶክሳዊት ቤት ክርስትያንና ናይ ኣለባብሳ ስርዓት ካብ'ቲ እዞም ቅዱሳን መጻሕፍትና ዝነግሩና ዝተፈለየ ኣይኮነን ምኽንያቱ መሰረቱ ንሳቶም ስለ ዝኾኑ። ገለ ካብ'ዞም መምርሒታት ቅዱሳት መጻሕፍትና ፦

- ❖ "ኣንቲ ጓል ኣስተውዕሊ ኣይትመክሒ ንኻልእ ሰብ'ውን ጽቡቕኪ ኣይተርእዪ፡ ዘብለጭልጭ ክዳን ክትክደኒ ኣይትፍተዊ ኣብ ኣእጋርኪ'ውን ከም'ተን ኣመንዝራታት ንሰብ ከጋግያ ኢለን ዝገብርኦ ጫማ ኣይትግበሪ።"መጽ. ድዲስቅልያ ኣንቀጽ 3፥ 16-17
- ❖ "ብወንጌል ዝኣመንክን ደቂ ኣንስትዮ መልክዕክን ብምጽባቕ ዘይኮነ ርእስኽን ክትጉልበባ ይግበኣክን'ዩ። ኩሕሊ ምኹሓል ኣይትፍትዋ ኣብ ልዕሊ'ቲ እግዝኣብሔር ኣምላኽን ዝሃበክን ጽባቐ ካልእ ኣይትብሃጋ።" መጽ. ድዲስቅልያ ኣንቀጽ 3፥ 25-27
- ❖ "ኣከዳድናኻ ብጥንቃቐ ይኹን፡ ክርስትያናዊ ስነ ምግባር ዝኾነ ኣከዳድና ይኹን።" ሃይማኖተ ኣበው ዘሰለስቱ ምእት 21፥12
- ❖ ነፍስና ብስነ ምግባር ሃይማኖትብትሩፋት ንሰልማ እምበር ንስጋ ጠፋኢ ብዝኾነ ወርቅን ዕንቍን ከነንጸባርቖ ኣይግበኣናን።"ተግሳጽ ዘቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ገጽ 323

ኣብ'ዚ ተመርኲስና እምበኣር ኮኾብና ረኺብናያ ኣለና። ብኩልንትናኣ ንክርስትያን ጓል ኣንስተይቲ መሲላ ዝተርኽበት 4ይቲ ተወዳዳሪት ኢያ የቐንየልና።

ስብሓት ለእግዚአብሔር ልዑል ወለወላዲቱ ድንግል ወለመስቀሉ ክቡር ኣሜን !!!